


# ማኅዝወ

Lesley Koyi

Wiehan de Jager

Daniel Berhane Habte

5

ትግርኛ ti



ኣብታ ዕምርቲ ከተማ ናይሮቢ፡ ሓልዮት ካብ ዘለዎ ህይወት ቤቶም ኣዝዮም ርሒቖም፡ ብሓባር ዝነብሩ ጕጅለ ተናበይቲ ጐደና ነበሩ። ንነፍሲወከፍ መዓልቲ ከምዝመጸታ ይገጥምዋ። ሓደ ንግሆ፡ እዞም ኣወዳት ኣብቲ ቈራሪ መገዲ-ኣጋር ደቂሶም ድሕሪ ምሕዳር መንጸፎም ይጠራንፉ ነበሩ። ካብ ቍሪ ንምክልኻል ጓሓፍ ኣራርዮም ሓዊ ኣናኸሱ። ኣብ መንጎ'ዞም ጕጅለ ኣወዳት ማጎዝወ ነበረ። ንሱ ካብ ኩሎም ዝነኣሰ እዩ።



ወለዱ ክሞቱ ከለዉ፡ ማኀዝወ ገና ወዲ ሓሙሽተ ዓመት'ዩ ኔሩ። ምስ ሓወቦኡ ክነብር ጀመረ። እዚ ሰብኣይ ነዚ ቈልዓ ሓልዮት ኣይነበሮን። ንማኀዝወ እኹል መግቢ ኣይህቦን'ዩ ኔሩ። ከቢድ ስራሕ ድማ የስርሖ ነበረ።




ማኅዝወ ምስዘዕዘምዝም ወይ ምስዝቃወም፡ ሓወቦኡ ይቕጥቅጦ።
ማኅዝወ ትምህርቲ ክጅምር'ዶ ኢሉ ምስዝሓቶ፡ ሓወቦኡ ይሃርሞ፡
"ንስኻ ሓንቲ ክትምሃር ዘይትኽእል ደንቆሮ ኢኻ።" ድማ ይብሎ።
ሰለስተ ዓመታት ብኸምዚ ምስሓዘ ማኅዝወ ካብ ሓወቦኡ ሃዲሙ ወጸ።
ኣብ ጐደና ክነብር ጀመረ።




ናብራ ግዳም-ሓደር ከቢድ እዩ፡ ዝበዝሑ ካብቶም ቆልዑ ነዛ መግቢ'ኳ ንምርካብ ኣዝዮም ተጸገሙ። ሓደሓደ ግዜ ይእሰሩ። እንሓንሳእ'ውን ይግረፉ ነበሩ። ኣብ ዝሓሙሉ ግዜ፡ ዝረድእ ኣይነበሮምን። እታ ጉጅለ ኣብ'ቲ ለሚኖም ከምኡ'ውን ጎማን ካልእ ዝተደርበዩ ነገራትን ሸይጦም ዝረኸብዎ ቍሩብ ቍራቦ ገንዘብ እያ ትምርኰስ። ምስ ካልኦት፡ ነቲ ክፋል ናይታ ከተማ ክቄጻጸሩ ዝደልዩ ተጻረርቲ ጉጅለታት ዝለዓል ባእሲ ነቲ ሂወት ዝያዳ ዝመረረ ይገብሮ።



ሓደ መዓልቲ ማጎዝወ ኣብቲ እንዳ ጓሓፍ እናኣረየ እንከሎ፡ ሓንቲ ኣሪጋ ዝተበጣጠሰት መጽሓፍ ዛንታታት ረኸበ። ደሮናኣ ነጋጊዶ ኣብ ሳንጣኡ ኣእተዋ። ካብታ መዓልቲ ጀሚሩ ወትሩ ነታ መጽሓፍ እናኣውጸአ ነቲ ስእልታት ይርእይ ነበረ። ነቶም ቃላት ከንብቦም ኣይክእልን ነበረ።



እቲ ስእልታት ዛንታ ናይ ሓደ ምስ ዓበየ ኣብራሪ ነፋሪት ክኸውን ዝበቕዐ ወዲ እዩ ዝትርኽ። ማኅዝወ ድማ ኣብራሪ ነፋሪት ክኸውን ሃረር በለ። እንሓንሳእ፡ እቲ ኣብ ዛንታ ዘሎ ወዲ ባዕሉ ንሱ ኮይኑ ይስምዖ ነበረ።



ዛሕሊ ኔሩ ማኀዝወ ድማ ክልምን ኣብቲ ጐደና ደው ኢሉ ነበረ። ሓደ ሰብኣይ ናብኡ ገጹ ሰጐመ። “ሰላም፡ ቶማስ እበሃል። ኣብዚ ከባቢ፡ ገለ ዝብላዕ ነገር ክትረኽበሉ ኣብ ትኽእል ቦታ፡ እሰርሕ።” ድሕሪ ምባል ናብ ሓንቲ ሰማያዊ ዝናሕሳ ብጫ ገዛ ኣመልከተ። “መግቢ ንኽትረክብ ናቡኡ ክትከይድ ተስፋ እገብር?” ክብል ተወከሶ። ማኀዝወ ሓንሳብ ናብቲ ሰብኣይ ሓንሳብ ድማ ናብታ ገዛ ድሕሪ ምጥማት፡ “ምናልባት፡” ኢሉ፡ ገዲፍዎ ከደ።



ኣብተን ዝሰዓባ ኣዋርሕ፡ እዞም ተናበይቲ ጐደና ንቶማስ ብብዝሒ ኣብቲ ከባቢ ይርእይዎ ነበሩ። ንሱ ምስ ሰባት፡ ብፍላይ ድማ ምስ ተናበይቲ ጐደና ክዘራረብ ይፈቱ ነበረ። ቶማስ ዛንታታት ሂወት ናይ ሰባት ይሰምዕ ነበረ። ዕቱብን ዕጉስን ኢዩ ኔሩ፡ ብፍጹም ደፋር ወይ ስዲ ኣይነበረን። ገለ ካብቶም ኣወዳት ፋዱስ ፋዱስ ናብታ ብጫን ሰማያውን ገዛ ብምኻድ መግቢ ክረኽቡ ጀመሩ።



ማኀዝወ ኣብቲ መገዲ-ኣጋር ኮፍ ኢሉ ነታ ናይ ስእሊ መጽሓፉ እናተዓዘበ እንከሎ ቶማስ ኣብ ጐድኑ ኮፍ ብምባል፡ “ብዛዕባ እንታይ እያ እዛ ዛንታ?” ክብል ሓተቶ። “ብዛዕባ ሓደ ምስ ዓበየ ኣብራሪ ነፋሪት ዝኾውን ወዲ እያ፡” ኢሉ ማኀዝወ መለሰ። “መን እዩ ስሙ እቲ ወዲ?” ክብል ቶማስ ሓተቶ። “እንድዒ፡ ኣየንብብን እየ፡” በለ ማኀዝወ ህድእ ኢሉ።



ምስተራኸቡ፡ ማኅዝወ ናይ ገዛእርእሱ ዛንታ ንቶማስ ክነግሮ ጀመረ። እቲ ዛንታ ናይ ሓወቦኡን ስለምታይ ካቡኡ ከምዝሃደመን እዩ። ቶማስ ብዙሕ ኣይዛረብን እዩ፡ ንማኅዝወ’ውን እንታይ ክገብር ከምዘለዎ ኣይነገሮን፡ ግን ኩሉ ግዜ ተጠንቂቑ ይሰምዖ ነበረ። እንሓንሳእ ኣብ ውሽጢ’ታ ሰማያዊ ዝናሕሳ ገዛ እናበልዑ የዕልሉ።



ኣብ ከባቢ ዓስራይ ዕለተ ልደቱ ንማጎዝው፡ ቶማስ ሓንቲ ሓዳስ ናይ ዛንታ መጽሓፍ ሂብዎ። እታ ዛንታ ብዛዕባ ሓደ ምስዓበየ ውሩይ ተጻዋታይ ኲዕሶ ዝኸውን ወዲ ገጠር እያ። ቶማስ እታ ዛንታ ንማጎዝው ብዙሕ ግዜ ድሕሪ ምንባብ፡ ሓደ መዓልቲ ከምዚ በሎ፡ “ሕጂ ንስኻ ናብ ቤት ትምህርቲ ትኸደሉን ምንባብ እትመሃረሉን ግዜ እዩ። ከመይ ይመስለካ?” ቶማስ፡ ሓንቲ ቈልዑ እናተማሃሩ ዝቕመጡላ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ከምዝፈልጥ ንማጎዝው ገለጸሉ።



ማኀዝወ ብዛዕባ ኣዚ ሓድሽ ቦታ ክሓስብ ጀመረ፡ ብዛዕባ ምጅማር ትምህርቲ'ውን። ሓወቦኡ ሓቁ እንተ'ኹነ'ኸ፡ ሓንቲ ክምሃር ዘይክእል ደንቆሮ እንተ'ኹነ? ኣብዚ ሓድሽ ቦታ እንተቐጥቀጥዎ'ኸ? ፈርሐ። “ምናልባት ኣብዚ ጐደና ምንባር ይሓይሽ መስለኒ፡” ኢሉ ሓሰበ።



እቲ ዘፍርሖ ዝነበረ ንቶማስ ኣካፈሎ። ድሕሪ ግዜ እቲ ሰብኣይ ሂወት ኣብቲ ሓድሽ ቦታ ዝሓሸ ክኸውን ከምዝኽእል ነቲ ቈልዓ ኣእመኖ።



ስለዚ ድማ ማኅዝወ ናብ ሓንቲ ሓምላይ ናሕሲ ዘለዋ ክፍሊ ገዓዘ። ነታ ክፍሊ ምስ ክልተ ካልኦት ኣወዳት ብሓባር ተቐመጡዋ። ኲሉኹሉ ኣብታ ገዛ ዓሰርተ ቆልዑት ይቕመጡ ነበሩ። ምስኦም ድማ ሓትኖ ሲሲን በዓል ቤታን፡ ሰለስተ ኣኽላባት፡ ሓንቲ ድሙን ሓንቲ ዓባይ ጤልን።



ማኅዝወ ትምህርቲ ጀመረ፡ በርትዖ ድማ። ብዙሕ ስለዝሓለፎ ከርክብ ኔርዎ። ሓደ ሓደ ግዜ ተስፋ ክቖርጽ ተደናንደነ። ግን ነቶም ኣብቲ መጽሓፍ ዘለዉ ኣብራሪ ነፋሪትን ተጻዋቲ ኵዕሶን ዘከረ። ከምኣቶም፡ ተስፋ ኣይቆረጸን።



ማኅዝወ ኣብ ዛሬባ ናይቲ ሓምላይ ዝናሕሱ ቤት ኮፍ ኢሉ፡ ካብቲ ቤት ትምህርቲ ዝረኸባ መጽሓፍ ዛንታ የንብብ ነበረ። ቶማስ መጺኡ ኣብ ጐድኑ ኮፍ በለ። “ብዛዕባ እንታይ እያ እዛ ዛንታ?” ሓተተ ቶማስ። “ብዛዕባ ሓደ ምስዓበየ መምህር ዝኸውን ወዲ እያ፡” ማኅዝወ መለሰ። “መን እዩ ስሙ እቲ ወዲ?” ቶማስ ሓተተ። “ማኅዝወ እዩ ስሙ፡” በለ ማኅዝወ ፍሽኽ እናበለ።

# Global Storybooks

globalstorybooks.net

## ማኅዘወ


Lesley Koyi
Wiehan de Jager
Daniel Berhane Habte


CC BY